# ብኣ ቢሎ ብኻ ምወሰዶ
# ንማንኪስ እዚኳ ክውሕ ዶ

Tesfamariam Wel.
10/07/2017 Norway

**ካብዞም ብዙሕ ዓመታት ዓንገረር ዝበለና**
**ትማል ዝመጹ መንእሰያት ይሕሹና**
**ተለዓል መንእሰይ::**

ጅግና ተወሊዱ ንህግደፍ ዘሰናብድ
ኣብ ማእከል ሮማ ኣበሎም ዕብድብድ
ኣደኻስ ከማኻ ዝበሉ ሽሕ ትውለድ
ቆራጽ መዓንጣ ንህግደፋውያን ዘርዓድ

ምዑት ብዓል ሓሞት ጸባ ዘስተየና
ኣብ ደጃኖም ሮማ ዘራጊሑዎም ጅግና
ሰናይ ዘመን ኮነ ተበራቢሩ መንእሰይና
ህዝቡ ንኸድሕን ተረዲኡዎ ወጽዓና

ግፍዒ ማንኪ ምስ ሰዓበ ደድሕሪኦም
ሓሳረ መከራ ኣብ ዓዶም ከይኣኽሎም
መንእሰያትና መሪሩዎም ተቐጢዖም
ንዕቀት ምስ በዝሐ ስጉምቲ ወሲዶም

ኣሽሓት ህዝቢ ዘጽነተ ጨካን ፍጥረት
ብንዕቀት ብብድዐ ኣሽካዕላል ዝጻወት
ተንኮለኛ ፍጥረት ናይ ሰይጣን ሰራዊት
ነዝስ እንኳን ምውቃዕስ ምተገቦኦ ሞት

ሎሚ ማንኪ ደቂ ማንኪ ግዜኹም ኣኺሉ
ሓሶትኩመ ኣብቂዑ ሕጂኸ ታይ ክትብሉ
ብዘይካ ቶም ዓያሹ ብስምኩም ዝመሓሉ
ዘይዉጁሃት ግበሮም በሊዑዎም ዝተዳህሉ

ኣንጻር ህዝቦም ዝቃለሱ ጠላማት ጉሓላሉ
ድርቅና ህልኽ ዝሓዞም ህዝቢ ባህ ከየብሉ
ናፈለጡ ዝሓንገዱ ሓቂ ቅንዕና ዘይተዓደሉ
ክደኽሙ ድኣምበር ሰጊሞም ኣበይ ከየብሉ

ብዙሕ ዓመታት ሓሶት ትመህርቲ ቀሲሞም
ከይተመራመሩ ከይሓሰቡ ብኣሜን ኣሚኖም
ስብከት ናይ ማንኪ ከም ኣልኮል ዘስከሮም
ኩፉእ ናረአዩ ኣብ ዓይነ ብርኮም ተደፊኖም

ዐ3ተ ጠፊኡዎ ብምንታይ ከም ዝጥብሮም
የማነ ማንኪ ማኪና ተጋጪዩሉ ኣውሪዩሎም
ንህዝቢ ኤርትራ ከዐሹ መሲሉዎ ከም ቀደም
ቅድሚኦም ሰሚዑ ጸኒሐ ካብ ዕዳጋ ዓለም

ኣብ ምዕቡል ዘመነ ኣምጽኦ ዘለናዮ ምዕባለ
እንኳን ከተማስ ጫካ ዘሎካ ብማዕዶ ይልለ
ህግደፍ ድሑር ካብ ዓለም ሓሶት ዝተዓደለ
ብተንኮል ብድዐ ብዓመጽ ብቐጠፍጠፍ ዝለለ

ደጊም ጅግና መንእሰይ ነቒሉዩ ወይለኻ ማንኪ

መፈተንታዩ መጠንቀቕታ ካልእ ኣሎ ተወሳኺ
ግብርኻ ኣብ ገደል ከየእትወካ ክፍኣትግብሪ ነኪ
መርገምዩ ወሪዱካ ኣንታ ተንኮለኛ የማነ ማንኪ
ተንኮል ተቐጺልካ ሕነ ከይትፍደ ጽባሕ ከይትበኪ
መንእሰይ ኤርትራ ተመሪዙ ብሓሶት ብስብከትካ
ህግደፍ ህግደፍ ከምዝብል ሓንጎሉ ኣበላሺኻ
ምስ ህዝቦም ከምዘይ ይረዳድኡ ትገብሮም ኣለኻ
ሓው ንሓው ንኽቃተል ኢዩ ናይ ነዊሕ ዕላማኻ

ህዝቢ መግዛእትኹም መሪርዎ  ኣብ ጥርዙ በጺሑ
ሽቃጦ መጥፋእቲ ሃገር ምኳንኩም ደጊም ተበጺሑ
ንጥቕምኹምበር ንሃገር ንህዝቢ ከም ዘይተርብሑ
ንብረት ሃገር በብኢድኩም ወሪርኩሞ ተጓሕጒሑ

ህግደፋውያነ ጨካናት ርህራሄ ዘይብሎም ዓነጅል
ወግሐ ጸብሐ ዕዮ ገዛ ገሮሞ ኣንጊህካ ሰብ ምቕታል
ገዛገዛ ምዛር ኮይኑ ንዋና ኣሲርካ ገንዘቡ ምምንጣል
ኣይሰርሑ አየስርሑ ተስፋ ኣልቦ በጋሚንዶ ሳሕል
ሽፋቱ ከተማ መጠፋፋእቲ ነዚኦም ዝፈቱ ጋሕበል

**ኤረና ኩሑሎ ሎም ዘመን ሓዲኡሎ**